ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ማይ ፀብሪ ንዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ንብረታት ማለት መሳርሒ ህንፃ፣ ቀላሚጦስ፣ ኣቅሑት ኤሌክትሪክ፣ መለዋወጢ ኣቅሑት መኪና፣ ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥሪ 1, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 16, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 16, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ዕንፀይቲን ስራሕቲ ዕንፀይቲ/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግድን መቅረባይነትን

2 ሒሳብ መለለይ ቁፅሪ ዘለዎ

3 ተመዝጋቢ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝኾነ ናይ ወርሒ ሕዳር/ታሕሳስ 2011ዓ/ም ሒሳብ ዘፍለጥሉ ዘድሊ መረዳእታ ዘይምለስ ቅዳሕ ግልፅን ተነባብን ገይሩ ዘቅርብ፤

4 ኣብ ዝመልኦ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ካብ ዋና ንብረት ወፃኢ ምቅራብ ካብ ዝተቐመጡ ዝርዝር ወፃኢ ኣብ ዘይ ዘፈር ንግድኻ ምውድዳርን ካልኦትን ጨረታ ዘዛብዑ ስራሕቲ ዘይፍቀድ ምኻኑ ዝርዝር ወመዳደሪ ከይተለወጠ እቲ ትካል ብዝመረፆን መርኣያ መሰረት ዘቅርብ፣

5 ሰነድ ጨረታ 50.00 ቅርሺ ብምኽፋል ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ መዓልቲ ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ማይ ፀብሪ ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ር/ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 5 ብምውሳድ ኣብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ማይ ፀብሪ ዝተዳለወ መቀበሊ ሳንዱቅ ጨረታ ምእታው ይከኣል።

6 ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ መፅዓንን መራገፍን ናብ ንብረት ክፍሊ እቲ ትካል ከቅርብ ዝኽእል፤

7 መኽበሪ ውዕሊ 10% ዘትሕዝ ንዝመልኦ ዋጋ ምስ ተወሳኺ እሴት ታክስ ሓዊሱ ዝመልእ፤ መኽበሪ ጨረታ ሲፒኦ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ዘትሕዝ ኮይኑ ንነፍሲ ወከፍ ዘፈራት 3000.00 ሽሕ ቅርሺ ከትሕዝ ኣለዎም።

9 ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሓሉ ግዜ ካብ 30/04/2011ዓ/ም ክሳብ 16/05/2011ዓ/ም እንትኸውን ጨረታ 16/05/2011ዓ/ም ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ ሰዓት 4:00 ኣብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ማይ ፀብሪ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።ብዘይ ምህላዎም ጨረታ ካብ ምኽፋት ኣይተኣጎልን።

10 ዋጋ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ ንተኸታታሊ 45 መዓልትታት ኮይኑ መቅረባይ ውዕሊ ካብ ዘኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዝተውሃቦ መዓልታት ፅሬት ዘለዎ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ መፀዓንን መራገፍን ኣታዊ ክገብር ኣለዎ።

11 እቲ ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 እቲ ኮሌጅ 20% ናይ ምውሳክ ወይ ምቅናስ መሰል ኣለዎ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0348-903180 ምድዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle